

# ካብ ገዛኺ እትገብርዮ ህድማ

ኣብ ገዛኺ ተዓጺኺ ኣለኺ'ዶ፧ ትውቅዒ ኣለኺ'ዶ፧ ናብ ግዳም ክትወጺ ኣይፍቀደልክን ኣሎ'ዶ፧ እትምገብዮ እኹል ምግቢ ኣይውሃበክን ኣሎ'ዶ፧ ቍጽጽር ብቐጻሊ ይግበረልኪ ኣሎ'ዶ፧ ኣብ ልዕሌኺ ሕነ ንኸይፍደ ትፈርሂ ኣለኺ'ዶ፧

## እቲ መልሲ፡

እወ ድዩ፧ ስለዚ፡ ኣብ ኔዘርላንድስ ብ'ሕብእቲ ጓልኣንስተይቲ' እትፍለጥ ኢኺ ማለት እዩ።

እቲ ንስኺ ክትፈልጥዮ ዘለኪ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር፥ እዚ ኣጋጢምኪ ዘሎ ጉዳይ፡ ዘይንቡር ምዃኑ እዩ። 'ሕብእቲ ጓልኣንስተይቲ' ንኸይትኾኒ መሰል ኣሎኪ። ብኽብረትን ብናጽነትን ክትነብሪ መሰልኪ እዩ። ስለዚ፡ ድቀኣንስትዮን ቆልዑን፡ ኣብ ኔዘርላንድስ ኣብ ገዛ ተዓጽዮም ክቕመጡ ኣይፍቀድን እዩ።

በዓል-ቤትኪ ወይ ስድራቤት በዓል-ቤትኪ ከምኡ ይገብር ኣሎ'ዶ፧ እዚ ድማ ብርግጽ መቕጻዕቲ ዘውህቦ ገበን እዩ። ስጉምቲ ንኽትወስዲ ክትፈርሂ የብልክን።

እዚ ቆጽሊ-ጽሑፍ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክሕግዘኪ ዝኽእል ሓጺር ምኽርታት ክህበኪ እዩ።


Femmes for Freedom

**Femmes for Freedom** | Defending Girls and Women's Rights
Laan van Meerdervoort 70 | 2517 AN Den Haag
+31 (0)70 362 65 06 | www.femmesforfreedom.com


# ካብ ገዛኺ እትገብርዮ ህድማ

## ጽቡቕ እተዳለኺ ኹኒ



**ካብ ገዛኺ ክትሃድሚ ምስእትደልዪ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብኣዝዩ ጥንቁቕ ኣገባብ ኽትገብርሉ ብዛዕባ እትደልይሉ መገዲ ዝምልከት ክትሓስቢ ኣሎኪ። ድሕነትኪ፡ ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ እቲ እትገብርዮ ነገራትን ብኸመይ ድማ ካብ ገዛ ክትሃድሚ ከምእትደልይን ክትውስኒ የድልየኪ እዩ።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. ፓስፖርትኪ ወይ ወረቐት መንነትኪ፡ ፍቓድ መንበሪኺ፡ ቪዛ፡ ወረቐት መርዓን ካርድ መድሕን ጥዕናን ኩሉ ግዜ ምሳኺ ክትማልእዮ ኽትክእሊ ኣሎኪ። ምስዘይከኣል'ከ፧ ኣብ ክንድኡ፡ ገለ ቅዳሓት ወይ ስእልታት ተማልኢ።
2. ቆልዑ ኣለዉኺ'ዶ፧ ስእልታት ወይ ቅዳሓት ፓስፖርትኺ ክትወስዲ ኣለኪ።
3. ከድልየኪ ስለዝኽእል፡ ገለ ገንዘብ ወይ ወርቂ ከተዋህልሊ ኩሉ ግዜ ፈትኒ። በዓል-ቤትክን ወይ ወለዲ በዓል-ቤትክ፡ ነቲ ንብረትኪ ክሕዙልኪ ብፍጹም ኣይትሃብዮም።
4. ዳኙ ክትዛረብን ክትጽሕፍን ትኽእሊ እንተኾንኪ፡ ንገዛእ-ርእስኺ ንኽትከናኸኒ ብዝበለጸ መገዲ ኽትክእሊ ኢኺ። ነዚ ቛንቋ፡ ብመገዲ ተለቪዥን፡ መጽሓፍቲ፡ መጽሔታት ወይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎንን ክትምሃሪ ጽዓሪ - ንኣብነት 'ዳች ተማሃር' ዝብል ኣፕሊኬሽን ደሊኺ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ።
5. ከም ክዳውንቲ፡ ገንዘብ፡ ሰነዳትን መድሃኒታትን ዝኣመሰለ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገራት ዝሓዘ ሳንጣ ምስኺ ተማልኢ።
6. ንደቅኺ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ክዳውንቲ፥ ሳእንታት፡ ጃኬታት ከምኡውን ገለ ሞታንቲ፡ ካልስን ካናቴራን ወዘተ ዘለዎ ናይ ሕቑ ቦርሳ ድማ ምሳኺ ተማልኢ።
7. ስእልታትን ቪድዮታትን ናይቲ ዘጋጠመኪ ዓመጽን መጉዳእትን ውሰዲ። እዚ ስእልታት ከምዘሎኪ ድማ ንወሃብቲ ክንክን ሓብሪ። ግዳይ ዘቤታዊ ዓመጽ ምዃንኪ ክተረጋግጺ እንተኽኢልኪ፡ ፍቓድ መንበሪ ንኽትረኽቢ ንኸተመልክቲ ኣዝዩ ዝቐለለ ይገብሮ፣ ስለዚ ድማ ድሕሪ ሕጂ ጽግዕተኛ ናይ መጻምድትኺ ኣይትኾንን ኢኺ።

## ክትኣምንዮ እትኽእሊ ሰብ ርኸቢ



**ንኹሉ ዘጋጥመኪ ነገራት ባዕልኺ ጥራይ ምስዘይትጋፈጥዮ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። እትኣምንዮ ሰብ ርኽብን ምስቲ ሰብ ድማ ርክብ ክህልወኪ ጽዓርን።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. ምስ ካልእ ሰብ ንኽትዘራረቢ ምቹእ ግዜ ኣናድዪ። ኣብ ገለ ሰዓት ክትራኸቢ ክትሰማምዒ ወይ ኣብ ሳጹን ጶስጣ ናይቲ ሰብ ድማ ጽሑፍ ኽትገድፊ ትኽእሊ ኢኺ።
2. እቲ እትኣምንዮ ሰብ ንኽበጽሓኪ ናባኺ ኣብ ዝመጸሉ ግዜ፡ ምናልባት ብመገዲ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ወይ መዘካኸሪ - ኣቢልኪ ምስኡ ርክብ ንኽትገብሪ ጸዓሪ።
3. ምስ ጐሮባብቲ ጽቡቕ ርክብ ንኽህልወኪ ጸዓሪ።
4. ሓገዝ ንኽትረኽቢ ምሕታት ትብዓት ይሃልውኪ፣ ሓገዝ ኣብ ኣተዋህበኪ እዋን ድማ ተቐበልዮ።
5. ኣብ ልዕሌኺ ብዛዕባ ዘጋጥም ዘሎ ነገራት ክትሓፍሪ ኣየድልየክን እዩ። ናትኪ ጉድለት ድማ ኣይኮነን።
6. ዳች ዘይትዛረቢ፡ እሞ ኽኣ ቆልዑ ኣለዉኺ'ዶ፧ ነዚ ነገር'ዚ ተጠቐሙሉ!
7. ብዛዕባ ዘጋጠመኪ ተሞክሮታት ንኻልእ ንኽትሕብሪ ኣይትፍርሂ። ታሪኽኪ ንኻልእ ክትሕብሪ ምኽኣልኪ፡ ሳሕቲ ዓቢ ዕረፍቲ እዩ።
8. ካብ ገዛኺ ሃዲምኪ ኽትወጺ ኣብ ዝመደብክሉ ግዜ፡ ነቲ እትኣምንዮ ሰብ ሓብሪ፣ ንሱ ድማ እቲ እትገብርዮ ዘለኺ ይፈልጥን ንዓኺ ድማ ክሕግዘኪ ይኽእልን።
9. ብዛዕባ መሰላትኪ ወይ ኩነታት ፍቓድ መንበርን ዚምልከት ሓበሬታ ንኽትረኽቢ፡ ነቲ እትኣምንዮ ሰብ ሕተቲ።
10. እቲ እትኣምንዮ ሰብ፡ ንፓስፖርትኺ ክዕቅብን ካልእ ኣገዳሲ ነገራት ኣብ ውሑስ ቦታ ከቐምጠልክን ይኽእል እዩ።

## ኢንተርነትን ተንቀሳቓሲ ተሌፎንክን ተጠቐሚ



**ብመገዲ ኢንተርነትን ተንቀሳቓሲ ተሌፎንክን ኣቢልኪ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኽትረኽቢ ከተናድዪ ትኽእሊ ኢኺ። ብተወሳኺ፡ ምስ እትኣምንዮ ሰብ ርክብ ንኽህልወኪ ከኽእለኪ እዩ።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. ብዛዕባ መሰላትንክን ኩነታት ፍቓድ መንበርን ዚምልከት ዝሓሸ መንቛሕቛሕታን ተወሳኺ ሓበሬታን ብመገዲ ኢንተርነት ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ። ነዚ ተጠቐምሉ።
2. ኣብ ኢንተርነት ድማ ውሕስቲ ምዃንኪ ኣረጋግጺ። ዝኾነ ሰብ፡ ንፓስወርድኽን መለለዪ ቍጽርኽን (DigiD) ክፈልጦ ኣይትግበሪ።
3. ተንቀሳቓሲ ተሌፎንኪ ወይ ኮምፕዩተርኪ ምቍጽጻር ይግበረላ ድዩ፧ ኩሉ ግዜ፡ ንእተጠቐምክሉ ኣሰር ሓበሬታ ኢንተርነት ደምስሲ።
4. ሓበሬታ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ንምፍታሽ፡ መንነትኪ ከምዘይፍለጥ (incognito) ወይ ብምስጢር ንኽትጥቀሙሉ ዝገበር ምርጨ መሪጽኪ ንተንቀሳቓሲ ተሌፎንኪ ክትጥቀሚ ትኽእሊ ኢኺ።
5. ነቲ ቛንቋ ኣይትዛረብን ዲኺ፧ ገለ መርኣዪ ኢንተርነት (ብራውዘር)፡ ንገጻት ሓበሬታ ናብቲ እትርድእዮ ቛንቋ ክትርጉም ይኽእል እዩ ወይ ድማ ንtranslate.google.nl ተጠቐሚ።
6. ምስ እትኣምንዮ ሰብ ንኽትዘራረቢ፡ ንኢመይል፡ ፈይስቡክ፡ ስናፕቻት፡ ኢንስታግራም፡ ዋትስኣብ፡ ቫይበር፡ ቴለግራም ወይ ስካይፕ ኣብ ተንቀሳቓሲ ተሌፎንኪ ተጠቐሚ።
7. ንቝጽርታት ተሌፎን ክሕግዙኺ ናይ ዝኽእሉ ወይ እትኣምንዮም ሰባት ዘክርዮ ወይ ድማ ኣብ ወረቐት ጽሓፍዮ። ተንቀሳቓሲ ተሌፎንኪ ምስእትሕደጊ፡ እዚ ቍጽርታት ተሌፎን ኣይክትስእንዮን ኢኺ ማለት እዩ።
8. ናብ እትኣምንዮ ሰብ ትድውሊ ኣሎኺ'ዶ፧ ዘረባኺ ምስወዳእኪ ብኡንብኡ ነቲ ዝርርብ ደምስስዮ።

## ናብ ፖሊስ ኪዲ



**በዓል-ቤትኪ ወይ ስድራቤት በዓል-ቤትኪ ብዛዕባ ኔዘርላንድስ ንዝነግሩኺ ኩሉ ነገር ኣይትእመንዮም። ንፖሊስ ዳች ግን ክትኣምኒ ትኽእሊ ኢኺ። ጉቦኛታት ኣይኮኑን፣ ምስ ስድራቤት በዓል-ቤትኪ ድማ ኣይክራኸቡን እዮም። ኣብ ልዕሌኺ ድማ ጾታዊ ዓመጽ ኣይፍጽሙን እዮም።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. እተወቓዕኪ እንተኼንኪ ወይ ዓመጽ እተፈጸመልኪ እንተኾይኑ፡ ቃል-ምስክርነት ንኽትህቢ ናብ ፖሊስ ኪዲ።
2. ቃል-ምስክርነት ምሃብ፡ ልክዕ ከምቲ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ናብ ፖሊስ እትህቦ ሓበሬታ ኣይኮነን፣ እንተኾነ ግን፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጥም ዘሎ ነገራት ፖሊስ ከምዝፈልጥ ትገብሪ ኣሎኺ። እዚ ድማ ፋይል ክሲ ንኸዳልዉ ዕድል ይህቦም። ኣብ ቀጻሊ መድረኽ ብዛዕባ'ቲ ሰብ ጸብጻብ ንኽትህቢ ድልውቲ ኣብ ዝኾንክሉ እዋን፡ ንስኺ ሓያል መርገጺ ከምዝህልወኪ ይግበር።
3. ንዓኺ ዝኸውን ሓገዝ ኣብ ምርካብ ንኽሕግዘኪ፡ እቲ እትኣምንዮ ሰብ፡ ቃል-ምስክርነት ክህብ ወይ ኣብ ክንዳኺ ኮይኑ ጸብጻብ ንኽህብ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።


A09908 FFF_flyer_2019_rose_TIGRINYA.indd 1-4
22-07-19 14:41

# ካብ ገዛኺ

# እትገብርዮ ህድማ

## መጽለሊ ደቀኣንስትዮ

**መንግስቲ ኔዘርላንድስ፡ ድሕነትኪ ኣብ ዝሕለወሉ ቦታ ንኽትህልዉ መደባት ክሰርዕ ግዴታ ስለዘለዎ፡ ካብ ገዛ ሃዲምኪ ምስወጻእኪ ንርእስኺ ኣብ ጐደና ዘወን ኽትብል ኣይክትረኽብያን ኢኺ። ኣብ መብዛሕቱ ኩነታት፡ ኣብ መጽለሊ ደቀኣንስትዮ ቦታ ከምዝውሃበኪ ክኸውን እዩ። ንኣዴታት ምስ ደቀን መጽለሊ ስለዝውሃብ፡ ካብ ደቀይ ተፈላልየ ዝብል ዝኾነ ጭንቀት ክስምዓኪ ኣየድልን እዩ።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. መጽለሊ ደቀኣንስትዮ፡ ንደቀኣንስትዮን ቆልዑን ዝኸውን ውሑስ ቦታ እዩ።
2. ኣብ መጽለሊ ደቀኣንስትዮ፡ 'ኣመናዝር' የለዋን። ኣብዚ ቦታ'ቲ ንኽትኮነ ኣብ ዝኸድክሉ እዋን ድማ ንስኺ 'ኣመንዝራ' ኣይትኸውንን ኢኺ!
3. ኣብ መጽለሊ ደቀኣንስትዮ ብምቕማጥኪ ሕፍረት ክስምዓኪ የብሉን። እዚ ቦታ'ዚ፡ ብኽፉእ ኩነታት ህይወት ብዝሓለፋ ኩለን ደቀኣንስትዮ ዝመልኤ እዩ። እንታይ ዓይነት ስምዒት ከምዘሎኪ ብርግጽ ይፈልጣ እየን። ኣብቲ ቦታ'ቲ ዝውሃበኪ ክንክን፡ ገዛእ ርእስኺ ክኢልኪ ንኽትነብሪ ደገ ኣብ ምኽፋት ክሕግዘኪ እዩ።
4. ብዛዕባ ገንዘብ ኣይትሸገሪ። ኣብ ኔዘርላንድስ ንዝውሃብ መንግስታዊ ሓገዛት ንኽትረኽቢ ከተመልክቲ ወይ ስራሕ ከተናድዪ ወይ ትምህርቲ ክትምሃርን ድሕሪኡ ድማ ስራሕ ክትረኽብን ትኽእሊ ኢኺ።
5. በዓል-ቤትኪ ወይ ስድራቤት በዓል-ቤትኪ፡ ደድሕሬኺ ስዒቦም ንኽይመጹኺ ፍርሃት ኣሎኪ ድዩ፧ ከምኡ እንተኾይኑ፡ ንፖሊስን ወሃብቲ ክንክንን ሓብሪ።
6. ውሕስቲ ኮይኑ ምስዘይስምዓኪ ድማ ኣብቲ መጽለሊ ደቀኣንስትዮ ስርዓተ-መጠንቀቕታ ክውሃበኪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ ግዜ ህጹጽ ረድኤት ዘድልየሉ እዋን ድማ ምሳኺ ሒዝክያ ኽትከዲ ትኽእሊ ኢኺ።
7. ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንኽትረኽቢ፡ ብኽብረትኪ ንfemmesforfreedom.com/themas/gedwongen-achterlating ተወከሲ።



## ሓገዝ



**ሓገዝ ንኽህባኺ ክትሓትየን እትኽእሊ ኣዝየን እተፈላለያ ትካላት ኣብ ኔዘርላንድስ ኣለዋ።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. ንወሃብቲ ክንክን እመንዮም። ንዓኺ ንኽሕግዙ ኢሎም ኣብቲ ቦታ ይርከቡ ኣለዉ።
2. ደቅኺ ካባኺ ክውሰዱ'ዮም ዝብል ፍርሃት ኣይሃልውኪ። በዓል-ቤትኪ፡ ስድራቤት በዓል-ቤትኪ ወይ ሰበ-ስልጣናት፡ ብቑዕ መርትዖ ከይሃለዎም እዚ ነገር'ዚ ኽገብሩ ብፍጹም ኣይክእሉን እዮም።
3. ናብ ከም ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ሓኪም ማህጸን ኣብ ዝኣመሰለ ቆጸራ ሕክምና፡ ምስ ንዕልትኺ፡ ሓማትኪ ወይ በዓል-ቤትኪ ኣይትኺዲ። ንበይንኺ ኪዲ።
4. ንበይንኺ ኽትከዲ ኣይትኽእልን ዲኺ፧ ቆጸራ ሕክምና ንበይንኺ ኽግበረልኪ ከምእትደልዩ ዝሕብር መልእኽቲ፡ ንዶክተር ወይ ተሓጋጋዚቱ ክትህቢ ጽዓሪ።
5. ቤት ትምህርቲ ዝምሃር ውላድ ኣሎኪ'ዶ፧ ኣብ ገዛ ተዓጺኺ ከምዘለኺ፡ ንሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ ወይ መምሃራን ክትሕብሪ ትኽእሊ ኢኺ።
6. ሓገዝ፡ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ንኽትረኽቢ ኣናድዩ። ምስ'ቶም ሓገዝ ክህቡኺ ዝኽእሉ ሰባት ብኸመይ ርክብ ከምእትገብሪ ፍለጢ፣ ተጠቐሙሉ'ውን።
7. ብዛዕባ ዘድልየኪ ሓገዝ ዝምልከት ንወሃቢ ክንክን ብንጹርን ኣሕጺርክን ሓብሪ። ከምዚ በሊ፥ 'ሕብእቲ ጓልኣንስተይቲ እየ። ካብ ገዛ ሃዲመ ክወጽእ ደልየ ኣለኹ።'
8. ምስ ወሃብቲ ክንክን ብዝተካእለ መጠን ብህድኣት ተዘራረቢ። ህድእቲ ኽትኮኒ ኣገዳሲ እዩ፣ ፍርሃት ግን ክስምዓኪ የብሉን። ዕግስቲ ኩኒ።
9. እቶም ወሃብቲ ክንክን ክህቡኺ ንዝኽእሉ ሓገዝ ተቐበሊ። ኣብቲ ዘድልየኪ ግዜ ንኹሉ ዘድልየኪ ነገር ውሰዲ። ነገራት ዘጋጥመሉ ፍጥነት ባዕልኺ ወስኒ።
10. ወሃብቲ ክንክን፥ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጥመኪ ዘሎ ኩሉ ነገር ክሕበሩ ኣለዎም። ንርእስኺ ካብቲ ኩነታት ብኸመይ ከተውጽኢ ከምእትኽእሊ ክሕብሩኺ ይኽእሉ እዮም።
11. ካብ ገዛ ሃዲምኪ ኽትወጺ ትደልዩ፡ ግን ከኣ ናበይ ቦታ ከምእትኸዲ ዘይትፈልጢ ዲኺ፧ ስለዚ፡ ንወሃቢ ክንክን ብዛዕብኡ ሓብሪ። ኣብቲ እትወስድዮ ዝቕጽል ስጉምታት ክሕግዘኪ ይኽእል እዩ።
12. ንኽትዘራረብን ምኽሪ ንኽትረኽቢ ንኽትሓትን ጥራይ ዲኺ ትደልዪ፧ ወሃቢ ክንክን ድማ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓገዝ ክሕግዘኪ ይኽእል እዩ።
13. ብዛዕባ ዝኾነ መዳይ'ቲ እትረኽብዮ ክንክን ወይ እትቕበልዮ ዘለኺ ሓገዝ ዝምልከት ዘይዕግብቲ እንተኼንኪ፡ ብንጹር ግለጺ። ንኣብነት፥ ፍቓድ መንበሪ ንኽትረኽቢ ወይ ካብ ሓዳርኪ ንኽትፋትሒ መደባት ክሰርዓልኪ እትደልዪ እንተኼንኪ፡ ንዘድልየኪ ነገር ብዝበለጸ መገዲ ክፈትሕ ዝኽእል ካልእ ወሃቢ ክንክን ዘድልየሉ ሳሕቲ ግዜ ኣሎ።
14. ካብ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ወይ GGZ ሓገዝ ትቕበሊ ኣሎኺ'ዶ፧ እዚ ድማ ንስኺ ተጸሊልኪ ማለት ኣይኮነን።

## ግዱድ ምጥንጣን ስድራ

**ብዙሓት ሕቡኣት ደቀንስትዮ፡ ኣብ መበቆል ሃገረን ብበዓል-ቤተን ወይ ስድራቤት በዓል-ቤት ተጠንጢነን እየን።**

### ሓጸርቲ ምኽርታት

1. እዚ ነገር'ዚ ንዓኺ ከጋጥም ከምዝኽእል ጥርጠራ ኣሎኪ'ዶ፧ ስለዚ፡ ቀልጢፍኪ ንሰብ ሓብሪ። ከም ኣማራጺ ድማ ንፖሊስ፡ ማእከል ግዱድ መርዓን ምጥንጣንን ኔዘርላንድስ ወይ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሓብሪ።
2. እዚ ምስ ዘይከኣል'ከ፡ ነዚ ነገር'ዚ ኽገብር ዝኽእል ኣብ ከባቢኺ ንዝርከብ ሰብ ክትረኽቢ ፈትኒ።
3. ንዓኺ ጠንጢኖሙኺ ዝኸዱ እንተኾይኖም፡ ናትኪ ፓስፖርት - ናይ ደቅኺ ፓስፖርትውን - ምሳኺ ኽትሕዝዮ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
4. በዓል-ቤትኪ ንፓስፖርትኺ ወሲድዎ ድዩ፧ ብዛዕባኡ ዝምልከት ሓብሪ።
5. ዝርዝር ሓበሬታ ኣድራሻ ናይቲ ኣብ እትወለድክሉ ሃገር ናይ ዝርከብ ኤምባሲ ኔዘርላንድስ ረኺብኪ ንኽትጽሕፍዮ እተዳለኺ ኩኒ።
6. ሰብ ዝጠንጠነኪ ዲኺ፧ ስለዚ፡ ብዛዕባኡ ዝምልከት ንኤምባሲ ኔዘርላንድስ ቀልጢፍኪ ሓብሪ።
7. ሓድሽ ፓስፖርት ካብ ምምሕዳር'ቲ እትቕመጥሉ ከባቢ ከምኡውን ካብ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ኔዘርላንድስ መመለሲ ቪዛ ንኽውሃበኪ ኣመልክቲ። ፓስፖርት ኔዘርላንድስ እተሰረቐኪ እንተኾይኑ፡ ግዝያዊ ፓስፖርት ኣብኡ ንኽውሃበኪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ - እዚ ድማ 'ሌዘ-ፓሰ' ይፍለጥ።
8. • ፓስፖርትኽን ፍቓድ መንበሪኽን ምሳኺ ኣሎ'ዶ፧ እንተልዩኪ፡ ናብ ኔዘርላንድስ ክትምለሲ ትኽእሊ ኢኺ።
9. እተፈልየ ዜግነት ዘለኪ እንተኼንኪ፡ እሞ ኸኣ ብቑዕ ፍቓድ መንበሪ እንተልዩኪ፡ ናብ ኔዘርላንድስ ዘአቱ ቪዛ ክውሃበኪ ይከኣል እዩ። ናብ ኔዘርላንድስ ምስተመለስኪ፡ ኣብቲ ሃገር ኣብ ዝበጻሕክሉ እዋን፡ ኣህጉራዊ ፍቓድ መንበሪ ንIND ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ከተረክቡ የድልየኪ እዩ።
10. ፍቓድ መንበሪኺ ግዚኡ ዘእኸለ ድዩ፧ 'ሰብኣዊ ግን ከኣ ዘይ-ግዝያዊ' ፍቓድ መንበሪ ንክውሃበኪ ተባሂሉ፡ ብግዝያዊ ንኽትቅመጢ ፍቓድ ንኽውሃበኪ መመልከቲ ናይ ምቕራብ ዕድል ኣለኪ።
11. ንኹሉ ነገራት መረጋገጺ ክትህቢ ኽትክእሊ ግን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነቲ ዘጋጥመኪ ኩነታት ደገፍ ንኽኸውንን ንምድራዕን፡ ሰብ ከምዝጠንጠነክን ዓመጽ ከምዝበጽሓክን ቃል-መግለጺታት ወይ ጸብጻባት ከተቕርቢ ይግባእ።
12. ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንኽትረኽቢ፡ ብኽብረትኪ ንfemmesforfreedom.com/themas/gedwongen-achterlating ተወከሲ።



# ናይ ገዝእ ርእስኺ ህይወት ምምራሕ



**እዚ ንኡስ ምኽርታት፡ ካብ ገዛኺ ንኽትሃድሚ ክሕግዘኪ ተስፋ ንገብር። ልዕሊ ኹሉ ድማ ህይወትኪ ናይ ገዛእ ርእስኺ እዩ! ዝኾነ ሰብ፡ ንዓኺ ኣብ ገዛ ክዓጽውኪ ዝኾነ መሰል የብሉን።**

ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ ወሃብቲ ክንክን ዝምልከት ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ሓገዝ ንኽትረኽቢ ናበይ ቦታ ከምእትኸዲ ርግጸኛ እንተዘይኴንኪ፡ ንወሃብቲ ክንክን ንኽትውከስዮም ኩሉ ግዜ ዕድል ኣሎኪ። ክሕግዘኪ ዝኽእል መን ምዃኑ ሕተቲ።

| **እንታይ ክሕግዙኺ ይኽእሉ፧** | **ርክብ** |
| --- | --- |
| **ፖሊስ** | |
| ኣብ ግዜ ሓደጋን ህጹጽ ኩነታትን። | **112** (ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት ጥራይ) |
| ቃል-ምስክርነት ወይ ጸብጻብ ንምሃብ። | **0900 - 8844** (ህጹጽ ኩነታት ንዘይኮነ ግዜ) *politie.nl* |
| **ቨይሊጅ ትዩስ VEILIG THUIS** (ሰይፍ ኣት ሆም) | |
| እንተተወቒዕኪ ከምኡውን/ወይ ዓመጽ እንተበጺሑኪ። | **0800 - 2000** *veiligthuis.nl* |
| **ሄት ጁሪዲሽ ሎኬት HET JURIDISCH LOKET** (ሌጋል ኣይድ) | |
| ሓበሬታ ይህብን ብዛዕባ ሕጋዊ መሰላትኪ ዝምልከት ኩሉ ሕቶታትኪ ይምልስን። | **0900 - 8020** *juridischloket.nl* |
| **IMMIGRATIE — EN NATURALISATIEDIENST (IND)** (ኣገልግሎት ኢሚግሬሽንን ምውሃብ ዜግነትን) | |
| IND፡ ብዛዕባ ኩነታት ፍቓድ መንበሪኺ ዝምልከት እተመሓየሸ ሓበሬታ ክህበኪ ይኽእል። | **088 - 043 0430** *ind.nl* |
| **LANDELIJK KNOOPPUNT HUWELIJKSDWANG EN ACHTERLATING (LKHA)** (ማእከል ግዱድ መርዓን ምጥንጣንን ኔዘርላንድስ) | |
| መጻምድትኺ ወይ ስድራቤት መጻምድትኺ፡ ናብ መበቆል ሃገርኪ ንኽይመልሱኺ ትፈርሂ ዲኺ፧ ወይ ድማ ድሮ ከምኡ ገይሮሙኺ ድዮም፧ ንLKHA ክትውከሲ ትኽእሊ ኢኺ። | **070– 345 43 19** *huwelijksdwangenachterlating.nl* |
| **ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ** | |
| ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ዓለም ኣብ ዝርከብ ቦታ፡ ህጹጽ ረድኤት ዘድልየኪ እንተኾይኑ፡ ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይ ምውካስ ዕድል ኩሉ ግዜ ኣሎኪ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ሰብ ዝጠንጠነኪ ኽትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ። | **0031- 247 247 247** *rijksoverheid.nl/ministeries/ministerie-van-buitenlandse-zaken* |
| **ፈምስ ፎር ፍሪዶም** (FEMMES FOR FREEDOM) | |
| ኣብ ገዛ ተዓጺኺ ኣለኺ'ዶ፧ መፍትሒ ኣብ ምምጻእ ዝሕግዘኪ ሰብ ትደሊ ዲኺ፧ ካልእ ወሃቢ ክንክን፡ እኹል ሓገዝ ኣይህበንን ኣሎ ኢልኪ'ዶ ትሓስቢ፧ ንFemmes For Freedom ናይ ምውካስ ዕድል ኩሉ ግዜ ኣሎኪ። | **070 - 362 65 06** *femmesforfreedom.com* |

Femmes for Freedom

A09908 FFF_flyer_2019_rose_TIGRINYA.indd 6-8
22-07-19 14:41